# ሰንበት ዘመጻጉዕ

## 2017 ዓ.ም 12/8/2024)

መዝሙር፡ ይቤሉ እስራኤል ኢርኢነ ወኢሰማዕነ... እስራኤላውያን ብዕዉሩ ዝተወልደ እሞ ብመዓልቲ ሰንበት ዝረአየ ርኢናን ሰሚዕናን አይንፈልጥን፡፡ካብ እግዚአብሔር እንተ ዘይከውን ነዚ አይምገበረን፥ብዛዕባ ዘሕወየካ እንታይ ትብል፥ ዘሕወየኒ ካብዚ ዝኸፍእ ከይረኽበካ ንኻልእ ከይትነግር ኢሉኒ፡፡

ንባባት፡2ቆሮ. 4፡1-12፥ 1ዮሓ፡ 5፡11-ፍ፥ ግ.ሓ. 4፡14-22፥ ዮሓ. 9፡13-25፡፡

ስብከት፡ኖላዊሆሙ ለእስራኤል አጽምዕ፥ዘይርዕዮሙ ከመ አባግዐ ዮሴፍ፥ ዘይነብር ዲበኪሩቤል አስተርአየ፥ኦ ጓሳ እስራኤል ጽን በለና፥ አታ ንሕዝብኻ ንደቂ ዮሴፍ ከም መጓሰ እትመርሓና፥ አታ አብ ልዕሊ ኪሩቤል እትቕመጥ (መዝ. 80፡1)፡፡

ናይ ሎሚ ሰንበት ዘመጻጉዕ ተባሂሉ ይፍለጥ። መጻጉዕ አብ ጊዜ ኢየሱስ ሓደ ካብቶም ንደቂ ሰብ ዘሳቕዩ ሕማቕ ሕማም ኮይኑ ዝኸፍአ ኸአ ነዚ ሕማም ዝሓመመ ስቓዩ ከይ አኸሎ ካብ ሰብ ተፈልዩ አብ ሰብ ዘይነብሮ አብ በረኻ አብ ብዓቲ ካብ ሰብ ርሒቑ ከምዝነብር ዝገብር ሕማም ሥጋዊ ስቓይ ጥራሕ ዘይኮነ ስነ ኣእምራውን ሞራላውን ስቓይ እውን አለዎ እዩ። ነዚ ሕማም ዝሓመመ ሰብ ብማዕዶ ክርኢ እንከሎ ዓው ኢሉ "መጻጉዕ እየ" እናበለ ክሃድም አለዎ ቆልዑት ኣእማን ይድርብዩሉ፥ ብሓቂ ዘስቅቕ ሕማም እዩ ነሩ።

እዚ ሥጋዊ ሕማም አምሳል ናይ እቲ መንፈሳዊ ሕማም አብዚ እዋን ክነጽሓሉ ዝግብአና እዩ። መንፈሳዊ መጻጉዕ ካብ ሰብን አምላኽን ፈልዩ ጓኖት ይገብረና፥ ስለዚ አብዚ እዋን ካብ ሓሚምናዮ ዘሎና መጻጉዕ ወጺእና ንኢየሱስ አሕውየኒ ክንብሎ ይግብአና።

አብ ወንጌል ዮሓንስ ኢየሱስ ብመገዲ ክሓልፍ እንከሎ ንዝርአዮ ንሓደ ዕዉር ከምዘሕወየ የዘንትወልና። ናይ እቲ ታሪኽ ጎብለል እቲ ብዕዉሩ ዝተወልደ፥ ክርኢ ዘይክእል ዝነበረ እዩ። ካብ ዑረቱ ምስ ሓወየ እቶም መራሕቲ ሃይማኖት ክርእይዎ ዘይክኣሉ ንሱ ንኢየሱስ ከም ጎይትኡ ክርእዮ ጀሚሩ።

ሓዋርያት መምህር "እዚ ሰብ እዚ ዕዉር ኮይኑ ኺውለድሲ መን እዩ ዝበደለ ንሱ ድዩ ወይስ ወለዱ" እናበሉ ሓቲቶሞ። አብ ጊዜ ኢየሱስ ብዙሓት ዝርድእዎ ዝነበሩ ብሰንኪ ኃጢአት ሰብ ዝኾነ ሕማም ወይ መቕጻዕቲ ካብ ወለዲ ናብ ውሉድ ወይ እውን ብሰንኪ ሓደ ሰብ ካልእ ሰብ ስቓይ ከም ዝወርዶ እዩ። ወለዲ ዝበደልዎ ውሉድ ይፈድዮ። አብ ባህልና ነዚ ዝመሳሰል አሎ ወለድና ወይ አሕዋትና ዝገበርዎ ንሕና ንፈዲ ወይ ንቕጽዓሉ። ንእብነት ጋር ምኽፋል። አብ ሓደ እዋን ኢየሱስ አብ ገዛ እንከሎ ብላዕሊ ናሕሲ ዘውረድዎ ሰብ ከሕውዮ እንከሎ ዝበሎ "ኃጢአትካ ተሓዲጉልካ" እዩ ኢልዎ እዚ ኸአ ብሰንኪ ኃጢአት ሕማም ከምዝወርድ ንርኢ። አብዚ ግን ኢየሱስ "ናይ እዚ ሰብ ብዕዉሩ ምውላድ ብኃጢአቱ ወይ ብኃጢአት ወለዱ" ከምዘይኮነ ነጊርዎም። ብዕዉሩ ዝተወልደ "ግብሪ አምላኽ አብኡ ምእንቲ ኺግሃድ ደአ እዩ እምበር ንሱ ኾነ ወለዱ አይበደሉን" ኢልዎም። እዚ ተአምራት ካብቶም ሸውዓተ ተአምራታት ኢየሱስ ዝገበሮም አብ ወንጌል ዮሓንስ እንረኽቦም ሓደ እዩ።

አብ ብሉይ ኪዳን ሰዶም ጎመራን ብሰንኪ ኃጢአቶም ከም ዝጠፍኡ ከምኡ አብ ገለ ታሪኽ ወለዲ ወይ እውን ውሉድ ብዝገበርዎ ወለዲ ከም ዝቕጽዑ ነንብብ። አብዚ ናይ እዚ ዕዉር ግን ከምኡ አይኮነን። ግን ክንሓስበሉ ዘሎና ናይ ሓደ ሰብ ኃጢአት አብ ዓለምና ቅጽዓት ከምጽአልና

ከም ዝኽእል ክንፈልጥ ኣሎና። ከምቲ ጽቡቕ ናይ ሰባት ጥቕሚ ዘልኦ ኃጢኣት ናይ ገለ ሰባት ከኣ ጉድኣት ኣልኦ ስለዚ ብሰንኪ ኃጢኣትና ሰባት ከይሳቐዩ ንሓቂ ንፍቕሪ ንፍትሒ ንሰላም ከይንዘርግ ክንጥንቀቕ ይግብኣና።

## ብርሃን ዘምጽእ ሕይወት፡

ኣብዚ ብዝያዳ ዝጸቕጠሉ እቲ ሰብ ብዕዉሩ ከም ዝተወልደ እዩ። ከምዝርኢ ምግባሩ ኣብ ሓዲስ ሕይወት ክርኢ ዝኽእለሉ ሕይወት ምእታው እዩ። ኣብ ሓዲስ ዓለም ናይ ብርሃን ምእታው እዩ። ንኢየሱስ ዘይምፍላጥ ኣብ ዑረትን ኣብ ጸልማትን እዩ ዝነብር። እዚ ፍጻሜ ነቲ ኢየሱስ “ኣነ ብርሃን ዓለም እየ” ዝበሎ መግለጺ እዩ።

ዮሓስን ወንጌላዊ ዕሙቕ ዝበለ ርድኢት ምእንቲ ክህልወና ኢሉ ኣብቲ ታሪኽ ምጅማር እቲ ሰብኣይ ዕዉር ክርኢ ይኽእል፥ ለማናይ፥ድኻ ሓንቲ ዘይብሉ፥ ጓና፥ ወላ ሓደ ዝቕበሎ ዘይብሉ ከም ዝነበረ፥ ኣብ መጨረሻ ክርኢ ምስ ከኣለ ረድኢ ክርስቶስ ከምዝኾነ ይነግረና። ከም ኣበሃህላ ወንጌል ሰብ ንኢየሱስ ኣሚኑ እንተ ኸኢሉ ውጽኢቱ ርኢኻ ምርኣይ እዩ። ሓንሳብ ንኢየሱስ ክንርእዮ ምስ ከኣልና ካብኡ ክንፍለ ዘይክኣል እዩ። ኣብ መጀመርያ ዕዉርን ኣብ ጸልማት ዝነብር እዩ ነሩ፥ ኣብ መጨረሻ ግን ኣብ ብርሃን እዩ ነሩ ምኽንያቱ ኢየሱስ ብርሃን ዓለም እዩ።

ሎሚ ዘድልየና ዘሎ ንኢየሱስ ርእየን ዝኽእላ ኣዒንቲ ክህልዋን እዩ። እቲ ዕዉር ክርኢ ምስ ጀመረ መጀመርያ ንኢየሱስ እዩ ኣለልዩ። ሰባት ብድንቁርና እንተ ተመርሑ ንዝርኣ ክርእዩ ከምዘይ ክእሉ ሕያው መስካሪ ኮይኑ። ርእዩ ሰለ ዝኸኣለ መምህር ኮይኑ። ነቲ ዝርእዮ ክነግር ጀሚሩ።

## ጥፍጣፍን ጭቃን፡

ኢየሱስ ነቲ ዕዉር ከምዝርኢ ገርዎ። ነዚ ክገብር እንከሎ ጥፍጣፍን ጭቃን ተጠቒሙ፥ በቲ እዋን ሰባት ጥፍጣፍ ከሕዊ ከምዝኽእል ይኣምኑ ነሮም ሓቂ ኸኣ እዩ። ኣብዚ እዋን ጥፍጣፍና ጸረ ባዮቲክ ከምዘለዎ ይፍለጥ፥ በዚ ምኽንያት እዮም ኣኽላባትን ካልኦት እንስሳን ኣቑሳሎም ዝልሕሱ። ኣምላኽ ነቲ ቀዳማይ ሰብ ክፈጥር እንከሎ ጭቃ ተጠቒሙ፥ ኣብዚ ኸኣ እዚ ሰብ ሓዲስ ፍጥረት ኮይኑ፥ ኢየሱስ ሓዲስ ፍጥረት ክገብሮ ምስ ደለየ ጭቃ ተጠቒሙ። ቅ. ጳውሎስ ነቶም ዝተጠምቁ ሓደስቲ ፍጥረት ይብሎም። ካልእ ኢየሱስ ዝበሎ ነቲ ዝሓወየ ዕዉር ኣብ ሩባ ሰሎሆም ከይዱ ክሕጸብ ነጊርዎ እዚ ኸኣ ናይ ጥምቀቱ ምልክት እዩ። ኣብ ጥምቀት ካብ ኃጢኣትና ንነጽሕ ጽሩያት ሓደስቲ ፍጥረት ንኸውን።

## እዚ እቲ እንፈልጦ ድዩ ወይስ ካልእ ሰብ፡

ዓይነ ስዉር ዝነበረ ክርኢ ምስ ጀመረ ኣዕርኹቱን ጎረባብቱን ንሱ ድዩ ካልእ እናበሉ ክሓቱን ክግረሙን ጀሚሮም ጨሪሾም ከለልይዎ ኣይክኣሉን። “ብሓቂ ንሱ ድዩ”? እቲ እንፈልጦ ለማናይ ዕዉር እዩ ነሩ እዚ ግን ይርኢ ኣሎ ተበሃሃሉ። ጸጋ ኣምላኽ ዝተቐበለ ብኃጢኣቱ ዝተነስሐ፥ ኣብ ኣምላኽ ዝተመልሰ ሓዲስ ሰብ እዩ ዝኸውን። ንኹሎም ምስጢራት ብግቡእ እንተ ተቐበልናዮም ከምዚ ዕዉር ዝነበረ ጨሪሽና ኢና እንልውጥ። ምናልባት ገለ ሰባት “ከምቲ ዝነበርካዮ/ክዮ የሎኻን፥ ድሕሪ ጥምቀትካን ድሕሪ ንስሓኻን ጨሪሽካ ካልእ ሰብ ኮንካ ክብሉና ይኽእሉ። ብሓቂ ክርኣ እንከሎ ኸኣ ከምኡ እዮም ክብሉ ዘለዎም።

ኣብ ኣምላኽ ዝኣመነ ክቕየር ከንጸባርቕ ግድን እዩ፥ ሎሚ ንሕና እውን ሰባት ኣባና ዝርኣ ጸጋ ኣምላኽ ከምዝርእዩ ክንገብር ኣሎና። ክንሕደስ ኣሎና። ጠባይና ግብርና ኩሉ ክሕደስ እንተ ተኻእለ ሽዑ ሰባት ኣባና ለውጢ ክርእዩ እዮም።

## ሕጊ/ስርዓት ዘይምሕላው፡

እቶም ጎረባብትን ነቲ ዕዉር ዝፈልጥዎ በቲ ዝርአይዎ ክዓግቡ ስለ ዘይከአሉ ኣብ ፈሪሳውያን ኣምጺኦሞ። ንሳቶም ንሓቂ ዝፈልጡን ናይ ሕጊን ስርዓትን ሓለፍቲ ስለ ዝኾኑ ነዚ ጸጋ ኣምላኽ ዝተዓደለ ሰብ ኣብኦም ኣቕሪቦሞ። ኣብ ገለ እዋን ሰባት ዘምጻእናዮ መንፈሳዊ ለውጢ ክኣምኑ ስለ ዘይክእሉ ከዋርዱና ከናሽዉና ይኽእሉ እዮም እንተ ኾነ ነቲ ኣምላኽ ዝገበረልና ጸጋ ጥራሕ ክንርኢ ኣሎና።

ኢየሱስ ነቲ ዕዉር ብሰንበት ስለ ዘሕወዮን ከምኡ እቲ ዝተጠቕመሉ ኩሉ ሕጊ ዘፍረሰ ኮይኑ ስለ ዝተረድኦም እዚ ኢየሱስ ዝብሃል ብሓቂ ካብ ኣምላኽ እንተ ዝኸውን ሕጊ ኣይመፍረሰን ስለዚ ካብ ኣምላኽ ኣይኮነን ኢሎም። ግን ኃጢኣተኛ እንተ ዝኸውን ከአ ነዚ ተኣምራት ክገብር ኣይምኽአለን። ኃጢኣተኛታት ግብሪ ኣምላኽ ክገብሩ ኣይክእሉን እዮም። እዚ ኣብ መንጎ እቶም ፈሪሳውያን ፍልልይ ፈጢሩ ምኽንያቱ ነቲ ዝፈልጥዎን ዝኣምንዎን ተኸቲሎም ክፈርዱ ኣይከኣሉን። በዚ ምኽንያት ነቲ ዕዉር ክሓትዎ ግድን ኮይንዎም። ንሱ ኸአ ነቲ ኢየሱስ ዝገበረሉ ኩሉ ከምብሓዲስ ክነግሮም ጀሚሩ። ንእኡ እቲ መልሲ ቀሊል እዩ ኢየሱስ “ነቢ እዩ”። ሰንበት ወይ ዘይሰንበት ኣይ ኮነን እቲ ነገር ኢየሱስ ዝገበሮ ኩሉ ካብ ኣምላኽ ዝኾነ እዩ ዝገብሮ፥ “ኃጢኣተኛ ዝኾነ ሰብ ነዚ ከመይ ኢሉ ክገብሮ ይኽእል”። እቶም ፈሪሳውያን ግን ነቲ እቲ ዕዉር ዝበሎም ሓቂ ክቕበልዎ ኣይከኣሉን። ንሓሳቡ እንተ ተቐበሉ ንኢየሱስን ንትምህርቱን ክቕበልዎ እዮም። እቲ ሰብ ዕዉር ከምዝነበረ እውን ክኣምኑ ኣይደለዩን።

ሰብ ልቡ ምስ ዓጸወ ነቲ ኣብ ቅድሚኡ ዝርእዮ ዘሎ ጸጋ ኣምላኽ ክኽህድ ኣየጸግሞን እዩ። ኣብ ሕይወትና ዝገጥመና ነገር እዩ ሰባት ክኽሕዱ ክጠልሙ ክንደይ ዘይርእና ስለዚ ሓቂ ርኢና ክንክእል ኣብ ኢየሱስ ክንኣምን ክንቀርብ ኣሎና። ኣብ ቅድመይ ዘሎ ሓቂ ርእየ ክኽእል ሓግዘኒ ዝብል ጸሎ ኩሉ ጊዜ ክንደግሞ ይግብኣና።

## ካብ ጸገም ምርሓቕ፡

ፈሪሳውያን ነቲ ጉዳይ ክኣምንዎ ክቕበልዎ ስለ ዘይደለዩ ንወለዲ እቲ ዕዉር ዝነበረ እሞ ዝሓወየ እዚ ወድኹም ድዩ እናበሉ ሓቲቶሞም። ወለዲ ወዶም ዕዉር ከምዝተወልደ ሕጂ ግን ከመይ ኢሉ ከምዝርኢ ዘሎ ንእኡ ሕተትዎ እናበሉ መሊሶም እዚ ዝበሉ ኸአ ኢየሱስ እቲ መስሕ እዩ ኢሉ ንዝኣመነ ካብ ቤተ መቕደስ ይሰጉዎ ስለ ዝነብሩ ፈሪሖም በጽሒ እዩ ንእኡ ሕተትዎ ኢሎሞም። እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ጸገም ኣብ ታሪኽ ብተደጋጋሚ ተፈጺሙ እዩ። ብዙሓት ክርስትያን ብምኺኖም ጥራሕ ዝተፈላለየ ጸገም ይወርዶም ነሩ ሕጂ እውን ይወርድ ኣሎ። ስድራ እቲ ወዲ ካብ ዝስጎጉ ነቲ ነገር እናፈልጡ ከምዘይ ፈለጡ ክኾኑ መሪጾም። ነቲ ነገር ኣብ ወዶም ከም ዝምለስ ገረሞ፥ ንሱ ባዕሉ ክምልስ ይኽእል እዩ እኹሉ ሰብ እዩ ኢሎሞም።

ኣብ ሕይወትና ፍርሒ ክመልኽ እንከሎ ቀዳማይ ፍሪኡ ክሕደት ወይ ከአ መንጎ መንጎ ዝኾነ መልሲ ምሃብ እዩ። ነገር ኣምላኽ ሓቂ ምንጋር እዩ። ነቲ እንርእዮ ነቲ እንሰምዖ ነጊርና ክንክእል ኣምላኽ ሕልና ሂቡና ንሓቂ ከይንደፍን ኣብ ፍርሒ ወይ ኣብ ጥቕሚ ተመስሪትና ንኣምላኽ ቦትኡ ከይንኸልኦ ምጥንቃቕ ይሓተና።

## መን እዩ እቲ ዕዉር ኣብዚ፡

እቶም ፈሪሳውያን ነቲ ዕዉር ዝነበረ “እዚ ሰብ እዚ ኃጥኣተኛ እዩ ነዚ ነገር ክገብር ኣይክእልን እዩ” ኢሎሞ። ንሱ ግን ኣብቲ ዝኣምኖ ነገር ጸኒዑ “ኣነ እዚ ሰብ ኃጥኣተኛ ይኹን ጻድቕ ኣይፈልጥን እየ ኣነ ዝፈልጣ ዕዉር ነረ ከም ዝርኢ ከምዝገበረኒ እየ ዝፈልጥ” ኢልዎም። ከም ብሓዲስ እንታይ ገሩልካ ኢሎሞ፥ ሽዑ ብምግራም ነጊሮኩም ክትኣምኑኒ ኣይ ከኣልኩምን ኣርድእቱዶ ክትኮኑ ትደልዩ ኣሎኹም ኢኹም ኢልዎም።

ካብዚ ንድሓር ከሳጉግዎ ጀሚሮም “ንስኻ ኢኻ ረድኡ ንሕና ኣርድእቲ ሙሴ ኢና ኢሎም” እዚ ሰብ ካበይ ከምዝመጸ ኣይንፈልጥን ኢና። እዚ ግን ንሓቂ ክቐብሩ ከይኣምኑ ምስደለዩ ዝበልዎ

እዩ። ኢየሱስ ካብ ኣምላኽ እንተ ዘይከውን ነዚ ክገብር ኣይምኽኣለን። ነቲ ዕዉር ንስኻ ብኃጢኣት ተወሊድካ ንኣና ክትምህር ኪድ እናበሉ ካብ ቤተ መቕደስ ሰጕጎሞ። እዚ ናይ ብዙሓት ኣይሁድ ዝነበሩ እሞ ኣብ ክርስትና ዝኣመኑ ዘሕለፍዎ ተመክሮ እዩ። ኣብ ዳሕረዎት ዘመናት ብዙሓት ካልኦት ክርስትያን ካብ ቤተ ሰቦም ካብ ዝፈትውዎም ብሰንኪ እምነቶም ዝወርዶም ዝነበረ ተነጽሎ እዩ ዝገልጽ።

ኢየሱስ እቲ ሰብኣይ በይሁድ ከም ዝተሰጎ ሰሚዑ ደልዩ ኣብ ከባቢ ቤተ መቕደስ ይረኽቦ እሞ "ብወዲ ሰብዶ ትኣምን ኢኻ" እናበለ ሓተቶ። "ጎይታይ ብኣኡ ክኣምንሲ መን እዩ ንሱ ኢሉ ሓተቶ"። እቲ ሰብኣይ ኢየሱስ ድሕሪ እቲ ሓዲስ ፍጥረት ምኧኑ ኣየለልዮን ነሩ፥ ኢየሱስ "እዚ ምሳኻ ዝዛረብ ዘሎ ንሱ እዩ በሎ"። ንሱ ኸኣ ጎይታይ "እኣምን እናበለ ሰገደሉ"። ካብኡ ንድሓር ተኸታል ኢየሱስ ኮይኑ። ረድኢ ክርስቶስ ዝብሃል ንኢየሱስ ከም ጎይትኡ ዝፈልጥን ክርእዮ ዝኽእልን እዩ። "ኣነ እቶም ዘይርእዩ ምእንቲ ኽርእዩ እቶም ዝርእዩ ኸኣ ምእንቲ ኽዖሩ ኢለ ንፍርዲ እየ ናብዛ ዓለም እዚኣ መጺኣ ዘሎኹ" እናበለ ገሊጹ ተዛረቦ። ካብቶም ኣብኡ ዝነበሩ ፈሪሳውያን "ንሕና ዕዉራት ምኧና ዲና" እናበሉ ሓቲቶሞ፥ ኢየሱስ ከኣ "ዕዉራት እንተ ትኾኑስ (ከምዚ ሰብ) ኃጢኣት ኣይምኾነኩምን ነሩ ሕጂ ግና ንርኢ ኢና ትብሉ ኣሎኹም ስለዚ ኃጢኣትኩም ኣባኹም ይነብር ኣሎ" ኢልዎም።

ኣብዚ ሰባት ኣብ ክልተ ከም ዝምቀሉ ንርኢ። ፩ያ ከምቲ ዕዉር ንትምህርቲ ኢየሱስ ዝቕበሉ መጓሰ ኣባግዑ ዝኾኑ፥ እቶም ፪ይ ከኣ ከም ፈሪሳውያን ምእማን ዝኣብዩ ክፍሊ ምስ ኢየሱስ ዘይብሎም። ኣብ ወንጌል ዮሓንስ ነዚ ታሪኽ ምስ ነገረ ብዛዕባ "ሕያዋይ ጓሳ" ዝብል ምዕራፍ ይጅምር። እቶም ኃጢኣት ዝገብሩ፥ ምስማዕ ዝኣብዩ፥ እቶም ዕቡያት፥ ንሶም እዮም እቶም ናይ ብሓቂ ዕዉራት ዝብሃሉ። እቶም ፈሪሳውያን ዝርእዩ ዝመስሎም ዝነበሩ ንሶም እዮም እቶም ናይ ብሓቂ ኃጥኣተኛታት፥ እቲ ብዕዉሩ ዝተወልደ ንኢየሱስ ክኣምን ዝኸኣለ ግን ናይ ብሓቂ ክርኢ ጀሚሩ።

ኣብዚ ምስ ጥምቀት ክርስትና ዝተሓሓዝ ነገራት ንርእየሉ፥ ከምቲ እቲ ዕዉር ዝተጓዕዞ ጉዕዞ እምነት ኣብ ጥምቀት ንኢየሱስ ክንርኢ፥ ክነለሊን ክንክተሎን ንጅምር። ንዝተጠመቕና እውን መልእኽቲ ኣልኦ ማለት ንኢየሱስ ርኢና ክንክእል ንወንጌል ከኣ ብጽሩይ ሰሚዕና ክንክእል ኣሎና። ከምቲ ቅዱስ ጳውሎስ ዝበሎ "ቀደም ኣብ ጸልማት ኔርኩም ኢኹም ሕጂ ግና ብጎይታ ኣብ ብርሃን ኢኹም ዘሎኹም፥ እምብኣር ከም ደቂ ብርሃን ኴንኩም ንበሩ፥ ከመይ ፍረ ብርሃን ሠናይን ጽድቅን ሓቅን ዘበለ ነገር ኵሉ እዩ" (ኤፌ 5፡89)። ኣብዚ ጳውሎስ ዝብለና ዘሎ ኣብ ገለ እዋን ንሕና እውን ከምዚ ዕዉር ኣብ ጸልማትን ዝዕንቅፍ ነገራትን ንነብር ዝነበርና ክንህሉ ይክእል እዩ፥ እንተ ኾነ ሕጂ ኣብ ብርሃን ወንጌል ሓዲስ ኪዳን ኢና እንነብር ዘሎና። እዚ ኣባና ዘሎ ብርሃን ኣብቲ እንነብሮ ሕይወትን ኣብቲ ምስ ካልኦት ዘሎና ርክብን ክርኣ ይክኣል። ሕይወትና ኣብኡ ጸልማት ዘይርከቦ ብሩህ ሕቡእ ጠባያት ካልኦት እንተ ረኣይዎ ዘሕፍር ዘይብሉ ክኸውን ይግባእ።

እምብኣር ሎሚ ንነፍስወከፍና ዓይኒ ሕልናና ብዝኾነ ምኽንያት ተሸፊኑ ዓዊሩ ከይህሉ እንምርምረሉ ወይ እውን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ቀሪብና ክርኢ እደሊ ኣሎኹ እንብለሉ እዋን እዩ። ኣብ ልደት ክርስቶስ ገጽና ንጉዓዝ ኣሎና ምስጢር ትስብእቲ ክርስቶስ ርኢና ክንክእል እሞ ክንሕደስ ንለምኖ። ኣብ መንበር ንስሓ ኣቲና ኃጢኣትና ንተሓጸብ ሽዑ ንፍቕሪ ክርስቶስን ንኹሉ ንሱ ዝህበና ጸጋ ርኢና ክንክእል ኢና ነዚ የኽእልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ